OFFICE OF ARTS & CULTURE
CITY OF SEATTLE

# ሴንተሪንግ ኣርት ኤንድ ሬሻል ኤክዊቲ (Centering Art & Racial Equity) ናይ 2026 ዓ ም መምርሒታት ውህብቶ ገንዘብ

## መጠቓለሊ ውህብቶ ገንዘብ

ሴንተሪንግ ኣርት ኤንድ ሬሻል ኤክዊቲ ናይ ሲያትል ስነ-ጥበብን ባህሊን ትካላት ንምሕጋዝ ዝተዳለወ ናይ ሲያትል ቤት ፅሕፈት ስነ-ጥበብን ባህሊን ፕሮግራም እዩ። እዚ ፕሮግራም ነዞም ትካላት እዚኦም ማዕርነት ዝሰፈኖ ናይ ስነ-ጥበብ ስነ-ምህዳር ንምፍጣር ብምትሕብባር ንክሰርሑ ንምልዕዓል ዝተዳለወ እዩ። ኣብ ውሽጢ ሲያትል እንተንኣሰ ንሰለስተ ዓመታት ንኣብዝሓ ህዝቢ ፕሮግራማት እንተቕርቡ ዝፀንሑ ናይ ስነ-ጥበብ፣ ባህሊ፣ ቅርስን ናይ ስነ-ጥበብ ኣገልግሎት ትካላትን ከመልክቱ ይተባብዑ። ሓቛፊ፣ ፀረ-ዓሌታውነት፣ ሰብኣውነት-ተኮር እሴታትን፣ ማእከል ንምግባር ብንቑሓት ንዝሰርሑ ትካላት ሲያትል፣ ንምሕጋዝ ቀዳምነት ሂብና ንሰርሕ።

**ሓበሬታን ድጋፍን ከይዲ መመልከቲ፣ ብቑዕነት ወይ ድማ ኦንላይን ናይ ቴክኒክ ሓገዝ ብዝምልከት ንምርካብ** ንበዓልቲ ሙያ ባህሊ ኢንቬስትመንት ስትራቴጂ ካቲ ሃሲን (Kathy Hsieh) ብ(206) 733-9926 ወይ ድማ kathy.hsieh@seattle.govይርከቡ።

**ምልክት ቋንቋ ኣሜሪካ ሓዊሱ ብቋንቋኦም (ብቪድዮ) ከነጋግርዎም ዝኽእሉ መስተርጎምቲ ኣለውና።** ደዊሎም እንታይ ዓይነት ቋንቋ ከምዝናገሩ ጥራሕ ይንገሩና። ናብ ፃውዒት ስልኪ ዝፅንበር መስተርጎሚ ክሳብ ንረክብ ሓፂር ፃንሒት ክህሊ ይኽእል።

## መመልከቲ

ኣብ ኦንላይን ኣብዚ ኣመልክት፦ https://seattle.fluxx.io/user_sessions/new

ኮምፒውተር ወይ ድማ ናይ ኢንተርኔት ኣቕርቦት እንተዘይብሎም ብዝተኻእለ ቅልጣፈ ሰራሕተኛታትና ይርከቡ።

## መወዳእታ ዕለት

**ሰሉስ፣ ኦገስት 5 2025፣ 5:00 ፒ.ኤም ብኣቆፃፅራ ፓሲፊክ ሰዓት**

በጃኹም መመልከቲኹም ንምምላእ እኹል ግዜ ኣመቻችው። ካብ 5 ፒ.ኤም (ብኣቆፃፅራ ፓሲፊክ ሰዓት) ድሕሪ መወዳእታ ዕለት ንዝኣትው መመልከቲታት ተቐባልነት ኣይህልዎምን።

## ብቑዕነት

ናይ ስነ-ጥበብ፣ ባህሊ፣ ቅርስን፣ ትካላት ኣገልግሎት ስነ-ጥበብን እዞም ዝስዕቡ ምስ ኣማልኡ ብቑዓት ይኾኑ፦

- ትርከብሉ ዋና ቦታ ኣብ ውሽጢ ግዝኣት ከተማ ሲያትል ምኧን
- ምስ ስነ-ጥበብን ባህሊን ዝተኣሳሰረ ተልእኾን፣ ፕሮግራማትን፣ ዘለዎ ወይ ድማ ብዝለዓለ ብርኪ ፕሮግራማት ስነ-ጥበብን ባህሊን ዘቕርብ ባህሊ-ተኮር ትካል ምኧን
- ብመዳይ ስነ-ጥበብን ባህሊን እንተንኣሰ ንሰለስተ ዓመታት ንነበርቲ ሲያትል ህዝባዊ ጥቕሚ እናቕረበ ዝፀንሐሉ መረዳእታ ዘለዎ ምኧን
- 501(ሲ)(3) ብርኪ ምሓዝ ትፅቢት ዘይግበረሎም ዋላ እንተኾነ፣ ናይ ፌደራል ግብሪ መለለዪ ቑፅሪ ዘለዎ ምኧን

- ንጉዳያት ብብዙሕ ዓውድታት ኣጠማምታ ብምርኣይ ከምኡ'ውን ብተወፋይነት ዝሰርሕን ምስዞም ዕላማታት ዝሰማማዕ ስጉምትታት ብምውሳድን ፀረ-ዓሌታዊ ትካል ምኳን
- ብመገዲ ናትና smART ናይ ስራሕ ምልዕዓላት ናይ ውህብቶ ገንዘብ ሓባራዊ ናይ ገንዘብ ምወላ ዘይረኸቡ ምኳን

## ናይ ገንዘብ ምወላ

ኣወሃህባ እቲ ገንዘብ ኣብ ሓፈሻዊ ነጥቢ ዝተመርኮሰ ኮይኑ፣ ደረጃ ብዝተፈላለዩ ማሕበረሰባዊ ፓነል ዝወሃብ ይኸውን። ዝወሃቦም መጠን ገንዘብ ኣብ ዝውሰነሉ ከይዲ ናይ ትካሎም ብዝሒ በጀት ኣብ ግምት ውሽጢ ኣይኣትውን ኢዩ። ዕላማ ናይ'ቲ ፕሮግራም ብጥልቀት ዘይኮነስ ብስፍሓት ናይ ገንዘብ ምወላ ንምቕራብ እዩ። ዝወሃብ ናይ ገንዘብ ምወላ ንዝግበር ምቕባል ገንዘብ ምወላ **ንሕድሕድ ዓመት ካብ $500 ክሳብ $18,000** ከምዝኸውን ትፅቢት ይግበር።

ዝወሃብ መጠን ገንዘብ ካብ ዓመት ናብ ዓመት ክፈላለ ዝኽእል እንትኸውን፣ ኣብ ከይዲ ካብ ዘለዉ ምምሕዳር ከተማ ናይ ግብሪ ኣታዊን ከይዲታት በጀትን ኣንፃር ገንዘብ ይወሃብ ዝብል መረጋገፂ የለን። ኣብዚ እዋን እዚ፣ ብዘለው ናይ ምምሕዳር ከተማ ናይ በጀት ትንበያታት መሰረት፣ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ኣብ 2026 ዓ.ም ዝጅምር ዋላ እንተኾነ፣ በዚ ዑደት መመልከቲ ውሽጢ ምሉእ ናይ ሰለስተ ዓመት ናይ ገንዘብ ሓገዝ ብዘይምቁራፅ ይቕርብ ዝብል መረጋገፂ ምሃብ ኣይንኽእልን።

## ወርክሾፓት ሓበሬታ

እዚ ናይ ውህብቶ ገንዘብ ብዝምልከትን ብሉፅ መመልከቲኹም ከመይ ምእታው ከም ዝከኣልን ዝያዳ ንምፍላጥ ኣብ ቨርቹዋል ወርክሾፕ ተፀንበሩ። ናይ መጀመሪያ ሰዓት ሕድሕድ ወርክሾፕ ናትና ሴንተሪንግ አርት ኤንድ ሬሻል ኤክዊቲ (Centering Art & Racial Equity) ናይ ውህብቶ ገንዘብ ኣብ ምምልካት ከይዲ ዘትኩር ይኸውን። ናትና ከልቸራል ፋሲሊቲስ ፈንድ (Cultural Facilities Fund) ናይ ውህብቶ ገንዘብ ዛዕባ ዝያዳ ናይ ምፍላጥ ድሌት እንተሃልይዎም ምሉእ 90 ደቒቓ ንምዕዳም መደብ ምሓዝ ይኽእሉ።

**ወርክሾፕ 1**
ሓሙስ፣ ሜይ 29 2025፣ ካብ 10:30 ኤ.ኤም-12:00 ፒ.ኤም ብኣቆፃፅራ ፓሲፊክ ሰዓት
[ብ5/29 ከምዝርከቡ የፍልጡ]

**ወርክሾፕ 2🤟 ምልክት ቋንቋ አሜሪካ (ASL) ዝተተርጎመ**
ሰኑይ፣ ጁን 2 2025፣ ካብ 2:30-4:00 ፒ.ኤም ብኣቆፃፅራ ፓሲፊክ ሰዓት
[ብ6/2 ከምዝርከቡ የፍልጡ]

**ወርክሾፕ 3**
ሰሉስ፣ ጁን 24 2025 ካብ 12:00-1:30 ፒ.ኤም ብኣቆፃፅራ ፓሲፊክ ሰዓት
[ብ6/24 ከምዝርከቡ የፍልጡ]

**ወርክሾፕ 4**
ረቡዕ፣ ጁላይ 9 2025፣ ካብ 1:00-2:30 ፒ.ኤም ብኣቆፃፅራ ፓሲፊክ ሰዓት
[ብ7/9 ከምዝርከቡ የፍልጡ]